ርእሲ ዓንቀጽ:

# ስለምንታይ ነጻነት ኤርትራ: ብደምበ ግፍዕን ፍግርን ተጨውዩ?

ብሓልዮት ጒጅለ ደቀባት *23* ንሓሰ *2009*ዓ.ም.

ወዲ ሰብ ክፍጠር ከሎ: ካብ ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ጸቕጢ ሓራ ኮይኑ: እንዳሓሰበን ተመራመረን ንኽምዕብል'ዩ። ሓንጐል ወድ-ሰብ ብተፈጥሮ ነጻ ዝኾነ ብሕታዊ ውሳኔ ኣለዎ። ወዲ-ሰብ ብሕታዊ ወይ ባዕላዊ ኣተሓሳስባኡ ከይገደፈ: ሰባት ዘቕርብሉ ምርምርን ሓሳበትን: ምስቲ ካብ ኣእምሮኡ ዝፈልፈለ ኣተሓሳስባ እንዳኣዋዳደረ'ዩ። እዚ ድማ ባህርያዊን መጎታዊን ሓቂ"ዩ። ካብ'ቲ ናተንሲ ናይ ሓማተን ከምዝብሃል: ኣእምሮ ወዲ-ሰብ ብኻልእ ሓይሊ ተጠውዩ ክሽይድ ከሎ ጥዕና ኣይኮነን። ወዲ-ሰብ ነቲ ባህርያዊ ውርሻኡ ረሲዑ ዘይንሱ ኮይኑ ምስዝጐዓዝ ከንቱ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ዘይነብስኻ ኰንካ ምንባር ትርጒም የብሉን። ብኻልእ ኣዘራርባ ልሙስ <u>ኣእምሮ ሒዝካ ትነብር ኣሎኻ ማለት'ዩ። ኣእምሮኻ እንተድኣ ለሚሱ ድማ: ኣካላትካ ለሚሱ'ሎ ማለት'ዩ። ካብ'ዚ ዝኸፍእ ሕማም ከኣ የልቦን።</u>

ኵነታት ህዝቢ ኤርትራ ብምስትንታን ንከታተሎ እንተድኣ ሃሊና: ካብ ውሉድ ወለደ እንዳተወራረሰ ዝመጸ ጭዋ ኣታሓሳስባኡ: ሎሚ እዋን ብሰንኪ ረቂቕ ስነ-ኣእምራዊ ጽልዋ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ግዕዙይ ባህሊ እንዳሰረጸ ክጐዓዝ ንርእዮ ኣሎና። ርግጽ'ዩ ሓደ ህዝቢ ናይ ብሕትኡ ኣተሓሳስባ ተነፊጕዎ: ብጋሻን ሰብ-ሰራሽ ዝኾነ ሰከንዶ-ማኖ-ኣተሓሳስባ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ተጸልዩ: ማለት <u>ብመደብ ኣእምራዊ ቊጽጽር-ቀይዲ</u> (*mind controll Program*)ተቐይዱ: ዘይንሱ ኮይኑ ዝነብር እንተድኣ ኮይኑ: ኣብ ሓዲግ-መዲግ ይወድቕ እሞ: ቊምነገር ክገብር ኣይክእልን። ኣዚ ድማ እቲ ዝኸፍኤ ሰላማዊ ውግእ *silent-war* ናይ መበል *21* ክፍለ-ዘመን'ዩ። ሓደ ህዝቢ ኣእምሮኡ እንተድኣ ተቓጻጺርካዮ: ብቐሊሉ ዝመጸ ገዛኢ ሰጥ-ለበጥ ኣቢሉ ክገዛኦ ኣይጽግሞን'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኵነታት ምትላልን: ስለላን: ኲለላን ጥራሕ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ: ፖለቲካን ፍትሕን ተሓሪመንኦ: ንቡር-ባህሉን ጭዋ-ሃይማኖቱን ተመንጢሉ: ዘራይ ስኢኑ ኣብ ዘርም-ዘርሞ ወዲቑን ቀቢጸ-ተስፋ ኮይኑ ይሳቐ ኣሎ። ኣብራሃም ሊንኮልን ፕረሲደንት ኣሜሪካ ዝነበረሉ እዋን: ክምድር ከሎ ከም'ዚ ይብል:"*If you once forfeit the confidence of your fellow citizens, you can never regain their respect and esteem. It is true that you may fooll all the people some of the time; you can even fool some of the people all the time. But you can't fool all of the people all of the time".* "ሓንሳብ ንሓደ ህዝቢ ርእሰ ተኣማንነት እንተድኣ ኣጥፊእካሉ: ኣንደገና ኣብ ንብሩ ክትመልሶ ኣይከኣልን'ዩ። ርግጽዩ ንብዙሕ ህዝቢ ውሑድ ግዜ ከተታልሎ ይከኣል'ዩ። ንውሑድ ህዝቢ'ውን ብዙሕ ግዜ ከተታልሎ ይከኣል'ዩ። ንኹሉ ህዝቢ: ኩሉ ግዜ ከተታልሎ ግን ኣይከኣልን'ዩ"። ይብል…..

እዚ ብሂል'ዚ ምስቲ ኢሰያስ: ኩሉ ግዜ ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ እንዳኣታለለ ዝፍጽሞ ዘሎ ርኡይ መግዛእቲ: ብኣቕልቦ እንተድኣ ርኢናዮ: ልክዕ ኣብ ልዓቱ ኣትዩ ክንረኽቦ ንኽእል። ኢሰያስ ካብ *1966* ዓ.ም. ጀሚሩ: ንሜዳ ኤርትራ ካብ ዝወፍር ክሳብ ሎሚ: ድሮ *34*ዓመታት ሓሊፉ። ኢሰያስ ንህዝቢ ኤርትራ ሕልናኡን ዝንባሌኡን መዝሚዙ: የታልሎ ከምዘሎ ሎምስ ኩሉ ሰብ ድሮ ፈሊጡዎ'ዩ። እዚ ግን ምስቲ መደረ: ፕረሲደንት ኣብርሃም ሊንኮልን ኣንተድኣ ኣወዳዲርናዮ: ከቶ ኣይዛመድን'ዩ። መኽንያቱ ንሓደ ህዝቢ ንዘልኣለም ከተታልሎ ጥራይ ክትነብር: ባህርያዊን መጐት'ውን ኣይኮነን። ኣዝዩ ዘሕፍር ግን: ኢሰያስ *34* ዓመታት ዝኣክል ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ: እኳ'ድኣ ኣንዳ ሓጨጨ: ብጃምላ የዕውኖን የታልሎን'ሎ። ኣዚ ከኣ ኣዝዩ ዘሕንኽ ታሪኽ'ዩ። "ኣንስቲ ይዋግኣላ ንርስቲ" ከምዝብሃል: ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብዘይካ ኢሰያስ ጅግና ተሳኢኑ: ኩሉ ወዲ-ሃገር ደስኪሉን ተጸልጺሉን: መንእሰይ ጃጅዩ ብጃምላ ኣንዳተሰደን: ጅግና ዝነበረ ሎሚ ኣላሽ ኢሉ ዝርኣየሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

እታ ብ*1991* ዓ.ም. ካብ ሓደ ሚልዮን ዘይውሕድ መስዋእቲ ህዝብን ተጋደልትን: ቀጽሮም ዘይፍለጥ ብሉጻት ስንኩላት ኣሓትናን እሕዋትናን ተኸፊሉላ: ብ*1993* ድማ ብረፈረንዱም ዝተረጋገጸት ነጻነት ኤርትራ: በቶም ብሕሱም ባዕዳዊ ስለላ ተጠፍጢፎም ዝተሰርሑ: ግን ከኣ ተሓለቕቲ ሃገር መሲሎም ላዕልን-ታሕትን ዝብሉ ዘለው: ብኢሰያስ ዝምርሑ <u>ደምበ ግፍዕን ፍግርን</u> ጉጅለ ማፍያ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ተመንዚዓ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ትወርድ ኣላ። ስለምንታይ? ብዓል መን ብድሕሪ መጋረጃ ጉጅለ ማፍያ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ስለዘለው'ዮም? ኢሰያስን ጭፍራኡን ሕጹባት ከም ጲላጦስ ስለዝኾኑ ድዮም። ወይስ እቶም ኩሎም ምእንቲ ነጻነት ሃገሮም ትንፋሶም ዘሕለፉን: ገና'ውን ዝሓልፉ ዘለውን ጀጋኑ ኤርትራውያን: ሓጥያተኛታትን ገበነኛታትን ስለዝኾኑ ድዮም? እስከ ተኸታተልቲ ባዕልኹም ፍረዱ። ስለምንታይ ነጻነት ኤርትራ: ብደምበ ግፍዕን ፍግርን ጉጅለ ማፍያ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ተጨውዩ? ስለምንታይከ ብኣንጻሩ: ሕቶ ውደባ ተረሲዑ: ስለምንታይከ ዝነበሩ ውድባት ክንብርከኹን ፋሕ-ፋሕ ክብሉ ይርኣዩ ኣሎው?

ስለምንታይ ጉጅለ ማፍያ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ካብ ሚእቲ እቶት ሚእቲ ሓሶት እንዳተጠቐመ: ገና መድሕን ኤርትራ ተመሲሉ: "ብድምጺ ሓፋሽን ብቲቪ-ኤሪይን" ሓሸውየ ይብል ኣሎ? <u>እሞ ዅነታት ሃገርናን ህዝብናን ብሰንኪ ኢሰያስን ጭፍርኡን ኣብ ጠልጠል ከሎ: ስለምንታይከ ክሳብ ሎሚ: ሓደ ጥርኑፍ ኤርትራዊ ሓይሊ መኪቱ ክቃወሞ ዘይተራእየ</u>? ኢሰያስ ሓላይ ህዝብን ሃገረን ስለዝኾነ ድዩ? ወይስ ህዝቢ ኤርትራ ጸረ ሃገርን ጸረ ገዛእ ርእሱን ስለዝኾነ'ዩ? ኣየናይ እዩ እቲ ሓቂ? እስከ ተኻታተልቲ ተመራመሩሉ። ወይስ ኢሰያስ ከምዚ ንህዝቢ ንምድንጋር: ዝገብሮ ዘሎ ባዕሉ ዝምሃዞ ልሙድ ስለላዊ ትያትሮ እንዳተጠቐመ: ስሓቱኒ ንዝበሎም ተሳሒተ ኣንዳበለ: ክሕጭጭ ክነብር'ዩ?

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ፍትሓዊን ሕጋውን ስርዓት መንግስቲ የልቦን። ስለምንታይ? ተሓባበርቱን ዓንገልቱንከ ብዓል መን'ዮም? ኣብ ዓለም ብዙሓት ፋሺታውያን ገዛእቲ ተራእዮም'ዮም: ኣንተሓመቑ ግን ንህዝቦም ቅጫ የብልዑ'ዮም። እዚ ደምበ ግፍዕን ፍግርን ዝኾነ ጉጅለ ማፍያ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ግን: ንህዝቢ ኤርትራ ቅጭኡ መንጢሉ ደሙ የስትዮ ኣሎ። ስለምታይ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ነውሪ ዕዮ እንዳተፈጸም ኣንከሎ: እተን ብዲሞክራስያ ንሕለቕ ኢና ብሃልቲ ዓበይቲ ሃገራት ዓለም: ኣማዕድየን ይርእይኦ ኣለዋ? ህዝቢ ኤርትራ እንተጸኒቱ ረብሓ ስለዘለወን ዶኾን ይኸውን?

ሓደ መዓልቲ ግን ሓንቲኣ'ላ። እቶም ዘይስሕቱ ጀጋኑ ከምዘጋጥምዎን: ሕጂስ ይኣክል! ስለላኻን ኩለላኻን ኣለሊናዮስ: ፍጊዕ'ኳ ኢሉና! ከምዝብሉዎ ግን ባህርያዊ'ዩ። ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ክግንዘቦ ዘለዎ ሓደ ነገር ኣሎ። ብነብሱ ተኣማሚኑ ብሓንቲ ኤርትራ ተወዳዲቡ: ምስቲ ኣብ ሃገር ዘሎ ህዝብን ሰራዊትን ኢድ-ንኢድ ተተሓሒዙ: ጥራይ እዩ ነዚ ብሪሞት-ኮንትሮል ኣንዳተዘወረ ንለዋህ ህዝቢ ኤርትራ ኣሽካዕላል ዝጻወተሉ ዘሎ ሮቦት-ራዲካል ኢሰያስን ጁጅ-ምጁጁ ጭፍራ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ክጕሕፎም ዝኽእል'ሞ: ሃየ ንቡር ጅግንነት ኣቦታትናን ኣሓትናን እሕዋትናን ኣኹል ተመክሮ ኮይኑና: ሞራልና ከየውደቕናን ከይተናዓዓቕናን: ተዋሃሂድና ኣብ ወጻኢ መጉዚታዊ መንግስቲ ዝቘመሉ መስርሕ ንግበር።

ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ'ውን ጉዳዩ ዝፍታሕ ካብ ውሽጡ እዩ።
ህዝቢ ኤርትራ ጸላኢኡ እንተድኣ ፈሊጡ: ሓጺሩ ነዊሑ ሓደ እዋን ከድግመሉ'ዩ!